Elim HOUSING | Homes that change people's lives
Briarlands Office Park
Gloucester Road
Rudgeway
Bristol BS35 3QH

**T:** 01454 411172
**W:** www.elimhousing.co.uk

**Group Chair:** Sally Mason MSc
**Chief Executive:** Paul Smith CIHCM

22 ግንቦት 2026

ዝኸበርካ/ኪ ዓሚል፥

**ምኽርን ሓበሬታን ብዛዕባ ጽምዶ ሕጋዊ ምትሕልላፍ ንብረት/ዋኒን (ውህደት ትካል ኣባይቲ ኤሊም ምስ ፕሌስስ ፎር ፒፕል ሊቪንግ + ሊሚትድ )**

ኣብ ታሕሳስ 2025፡ ኤሊም ኣብ ትሕቲ ፕሌስስ ፎር ፒፕል (Places for People Group - PfP) ኮይኑ ኣገልግሎት ንምሃብ ብወግዒ ጀሚሩ። ከም ኣካል ናይ'ዚ መስርሕ ድማ እዘን ክልተ ትካላት ኣብ መጻኢ ጽምዶ ሕጋዊ መስርሕ ምትሕልላፍ ንብረት ክገብራ ከምዝወጠና ገሊጽና ኔርና።

ሕጂ ድማ፡ ብዛዕባ እቲ ዝተመደበ ጽምዶ ምትሕልላፍ ሕጋዊ መስርሕ ንብረት ኣብ መንጎ ትካል ኣባይቲ ኤሊም ምስ ፕሌስስ ፎር ፒፕል ኢቪንግ + ሊሚትድ ዘለኩም ርእይቶ ንኽትህቡ እጽሕፈልኩም ኣለኹ። እዚ እንታይ ማለት ምዃኑ ድማ ኣብ ታሕቲ ገሊጽናዮ ኣለና።

እዛ ደብዳበ ድማ ናይ መጀመርታ ናይቲ ክሳብ 3 ሓምለ 2026 ዝቕጽል ናይ ሽዱሽተ ሰሙን ናይ ምምኽኻርን ሃሳብ ምልውዋጥን ግዜ እያ። ኣብዚ ግዜ እዚ፡ ብዛዕባ እቲ ዝተመደበ ጽምዶ ምትሕልላፍ ሕጋዊ መስርሕ ንብረት ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡን ብብዙሕ መገዲ ርእይቶኹም ብዛዕባ እቲ ጽምዶ ዝምልከት ክትህቡን ክትገልጹን ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብቲ ምስዛ ደብዳበ ዝተላእከ "ሓበሬታ ብዛዕባ ጽምዶ ሕጋዊ መስርሕ ምትሕልላፍ ንብረት" ዝብል ሰነድ፡ ዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም። እዚ ድማ ንገለ ካብቶም ክህልዉኹም ዝኽእሉ ቅጽበታዊ ሕቶታት መልሲ፡ ከምኡውን ሓበሬታ ብዛዕባ ፍልልያት ኣብ መንጎ ኤሊምን ፒ፣ኤፍ፣ፒን ንገለ ካብቶም እትረኽብዎም ኣገልግሎታት ዘጠቓልል እዩ።

**እንታይ እዩ ተመዲቡ ዘሎ? ስለምንታይ?**

"ጽምዶ ሕጋዊ ምትሕልላፍ ንብረት" ማለት ሓደ ትካል ናብ ካልእ ትካል ብ ምትሕልላፍ እተን ክልተ ትካላት ብ ሓደ ስም ሓደ ትካል ምዃን ማለት እዩ።.

እዚ ናይ ውህደት ሕጋዊ መስርሕ እዩ፡ እዚ ድማ ትካል ኣባይቲ ኤሊም ብምሉእ ናብ ፕሌስስ ፎር ፒፕል ኢቪንግ + ሊሚትድ ንምውህሃድ እዩ። ድሕሪ እቲ መስርሕ ምትሕልላፍ ድማ ትካል ኣባይቲ ኤሊም ደጊም ኣይክህሉን እዩ፡ ዓማዊሉ ድማ ኣካል ናይ ፒ፣ኤፍ፣ፒ ክኾኑ እዮም፣ ኣካራዪኦም ድማ ፕሌስስ ፎር ፒፕል ኢቪንግ + ሊሚትድ ክኸውን እዩ።

ከም ውጽኢት ናይዚ ምምኽኻር፡ ንዕለት 5 ጥቅምቲ 2026 እቲ ጽምዶ ሕጋዊ ምትሕልላፍ ንብረት ንምፍጻሙ ዕላማ ጌርና ኣለና።

**ጽምዶ ምትሕልላፍ ንብረት እንተ ተፈጺሙ ኸ?**

- ፐሌስስ ፎር ፒፐል ኢቪንግ + ሊሚትድ ኣካራዪኹም ክኸውን እዩ፣ ግን መሰላትኩምን ሓላፍነታትኩምን ኣብ ውዕል ክራይ ወይ ሊዝ ከም ዘለዎ ክቕጽል እዩ።.
- ትካል ኣባይቲ ኤሊም ከም ኣካራዪን ኣስራሒን ስርሑ ከቋርጽ እዩ።
- ኩሉ ሕጋዊ ሓላፍነታት ናይ ትካል ኣባይቲ ኤሊም ናብ ፐሌስስ ፎር ፒፐል ኢቪንግ + ሊሚትድ ክማሓላለፍ እዩ፣ እዚ ድማ ውዕላት ክራይ፣ ንብረታት/ገዛውቲ እንኮላይ ኩሉ ዕዳታት የጠቓልል።
- ኩሎም ሰራሕተኛታት ኤሊም ኣብ ፒኤፍፒ ክቕጽሉ እዮም።

## ክዝከሩ ዘለዎም ኣገደስቲ ነገራት

ንሕና ንኩሉ ነገር ሓላፍነት ክንወስድ ኢና። ሓደ ኣገዳሲ ክፍሊ ናይቲ ምድላው ጽምዶ ምትሕልላፍ ንብረት ብዛዕባ ገዛኹም፣ ውዕል ክራይኩም ወይ ሓበሬታ ሊዝኩም ዘለና ሓበሬታ ኣብ መዓልቲ ምትሕልላፍ ካብ ኤሊም ናብ ፐሌስስ ፎር ፒፐል ኢቪንግ + ሊሚትድ ከም ዝተሓላለፈ ምርግጋጽ እዩ።

ሕጂ ንዓኻትኩም ዝሰርሕ ነገር እንተሃልዩ፣ ወይ ንዝተሓተተ ጽገና ገዛኹም ትጽበዩ እንተሃሊኹም፣ ክትረኽቡና ኣየድልን እዩ፤ ኩሉ ብመሰረት እቲ ውጥን ክቕጽል እዩ።

እዚ ትልሚ/መደብ ኣብ ውሕስነት ናይ መንበሪኹም ለውጢ ኣይከምጽእን እዩ። ደረጃ ውዕል ክራይኩም ከም ዘለዎ ክቕጽል እዩ። እቲ ምትሕልላፍ ኣብ ክራይኩም ለውጢ ኣይከምጽእን እዩ። ክራይኩምን ክፍሊት ኣገልግሎትኩምን ብመሰረት መምርሒ መንግስቲ ክውስኽ እዩ።

## ጥቕምታት ናይቲ ጽምዶ ምትሕልላፍ

እቲ ዝተመደበ ጽምዶ ምትሕልላፍ ንብረት ንዓማዊል ናይ ኤሊም ብዙሕ ጥቕምታት ክህብ እዩ።

ገለ ካብዞም ጥቕምታት፡ኤሊም ኣብ ታሕሳስ 2025 ክፍሊ ናይ PfP ካብ ዝኾውን ጀሚሩ ተራእዩ ኣሎ። ንኣብነት፡ ናይ 2026/2027 ዝተመደበ ፕሮግራም ምምሕያሽ ብዙሕ ወሲኹ ኣሎ። እዚ ድማ ገለ ዝተደናጎዩ ፕሮጀክታት ጽገና ክፍጸሙን ኣጠቓላሊ ብቕዓት ንብረታት ኤሊም ክመሓየሽን ይሕግዝ።

ብተወሳኺ ናይቲ ድሮ ዝጀመረ ወፍሪ ጽገናን ምምሕያሽን፡ ካልኦት ጥቕምታት እዚ ጽምዶ ምትሕልላፍ ንብረት እዚ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፡-

- ቁጽሪ ናይ ድጋፍ ኣገልግሎታት ንዓማዊል ክውስኽ እዩ፣ እዚ ድማ ምኽሪ ብዛዕባ ገንዘብን ጥቕምታትን ካብ ፍሉይ ኣገልግሎት ምርካብ የጠቃልል።

- ኣብ ደረጃ ከባቢ፣ ዞባዊን ሃገራዊን ዓማዊል ብትርጉም ክሳተፉ ዝሓሸ ድጋፍ ክህሉ እዩ። PfP ድምጺ ዓማዊል ኣብ ኩሉ ደረጃ ትካል ክስማዕ ቅሩብነት ኣለዎ።

  • ናይ ስራሕን ስልጠናን ዕድላት ንዓማዊል ክህሉ እዩ፣ እዚ ድማ ኣፕረንቲስሺፕ፣ ሓገዝ ኣብ ምድላው ሲቪ (CV)ን ቃለመጠይቕ ንስራሕን የጠቓልል።

- ካብ ፕሌስስ ኢምፓክት ፋንድ ፋይናንሳዊ ድጋፍ ንምርካብ ዕድላት ክህሉ እዩ፤ እዚ ድማ ኣብ ግዜ ገንዘባዊ ጸገም ንስድራቤት ክሕግዝ ወይ ድማ ኣብ ናይ ደገፍ መንበሪ ኣገልግሎታት ንናይ ነበርቲ ጉዕዞታት ወይ ንጥፈታት ክጠቕም ይኽእል።

- ዝዓበዩ ጉጅለታት ኣገልግሎት ምስ ፍሉይ ፍልጠት ናይ ክራይ ኣባይቲ ክትረኽቡ ኢኹም፤ እዚ ብፍላይ ንዓማዊል ኣብ ሓባራዊ ዋንነት ገዛ ዝነብሩ ክጠቕም እዩ፣ ምኽንያቱ ምኽሪ ብዛዕባ ሊዝ ካብ PfP ክረኽቡ ስለ ዝኽእሉ።

**ብዛዕባ ፕሌስስ ፎር ፒፕል ግሩፕ (ፒ፣ኤፍ፣ፒ)**

እዚ ሓበሬታ ካብ ፈጻሚ ኣካል ናይ ኤሊም ፖል ስሚዝ ናብ ኩሉም ዓማዊል ኤሊም ዝተላእከት ደብዳበ ኮይኑ፣ ብዛዕባ እቲ ዝተተለመ ጽምዶ ምትሕልላፍ ንብረት ኣብ መንጎ ኤሊምን ፕሌስስ ፎር ፒፕል ዝገልጽ እዩ።

እዚ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ነቶም ክህልዉኹም ዝኽእሉ ሕቶታት ዝምልስ ክከውን ተስፋ ንገብር። ብዛዕባ እቲ ምውህሃድ ዝተሓደሰ ሓበሬታ ኣብ ዌብሳይት ኤሊም ክንዝርግሕ ኢና።

**ፕሌስስ ፎር ፒፕል ግሩፕ (Places for People Group) መን እዮም?**

ፕሌስስ ፎር ፒፕል (ፒ፣ኤፍ፣ፒ) ኣብ ዓዲ እንግሊዝ (ዩኬ) ዝርከብ ኣብ ቀዳማይ ደርጃ ዝስራዕ ናይ ንግዲ ትካል ኮይኑ ማሕበራዊ ጸገማት ወይ ጠለባት መፍትሒ ኣብ ምምጻእ ዝዓለመ ዝነጥፍ ትካል (ሶሻል ኢንተርፕራይዝ) እዩ። ፕሌስስ ፎር ፒፕል ቀጻሊ ዝኾነ ዕብየት ማሕበረሰብ ንምፍጣርን ንምድንፋዕን ዝሰርሕ ትካል ኮይኑ ህይወት ሰባት ንምቕያር ይጽዕት። እዚ ድማ ውሑስን ብሉጽን ዝኾነ ደረጃ ዘለዎ ገዛውቲ ንኽህሉ ዘረጋግጽ ምሕደራ ብምክያድ፣ ኣብ ግቡእ ቦታታት ሓደስቲ ገዛውቲ ብምህናጽ፣ ከምኡውን ንማሕበረሰባትን ዓማዊልን ብትምህርቲ፣ ጥዕና፣ ድሕነትን ስራሕን ከምኡውን ንኹሉ ዓይነት ሕብረተሰብ ዘዋስእን ዝሓቁፍን ኣገልግሎት ኣብ ምህላው ሓገዛት የበርክት።

ፕሌስስ ፎር ፒፕል ብዙሓት ንኡሳን ትካላት ኣብ ትሕቲኡ ብምኺን ኣገልግሎት ዝህቡ ትካላት ዝሓቖፈ ኮይኑ እዞም ንኣሽቱ ትካላት ድማ ከም ናይ ማሕበራዊ ገዛውቲ ኣገልግሎት ንምሃብ ብወግዒ ዝተመዝገቡ ትካላት እዮም። ብተወሳኺውን ብናይ ገዛውቲ ደረጃ ብቕዓት ኣገልግሎት ዝቆጻጸር ኣካል (ሪጉለተር ኦፍ ሶሻል ሃውሲን) ግቡእ ቀፅር ዝግበረሎም ትካላት እዮም።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ፒ፣ኤፍ፣ፒ ኣብዚ ናይ እንቋዕ ብድሓን መጻእኩም ዝብል ጽሑፍ ሓበሬታ ወረቐት ወይ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ፡ www.placesforpeople.co.uk ።

**ንምኽክር ምውህሃድ ምላሽ ምሃብ**

ብዛዕባ እቲ ሓሳብ ምውህሃድ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረኽቡ፣ ሕቶታት ክትሓቱ ወይ ኣብ ምኽክር ርእይቶኹም ክትህቡ ትኽእልሉ ብዙሓት መገድታት ኣለዉ።:

<u>ብዌብሳይት፣ ብተሌፎን ወይ ብኢመይል ርእይቶ ምሃብ.</u>

በዞም ዝስዕቡ መገድታት ርእይቶኹም ክትህቡ ትኽእሉ ኢኹም፦:

• ኣብ መርበብ ሓበሬታና ናይ ኣብ መርጀር ኮንሳልተሽን ፊድባክ ፎርም ዝብል (merger consultation feedback form) ብምምላእ ኣብ ናይ ኤሊም ሃውሲንግ መርበብ ሓበሬታ ኣለኩም።

• ብ 01454 411172 ብምድዋል – ምስ መንበሪ ኣባይቲ ሓላፊ ናትኩም ወይ ምስ ዝኾነ ኣባል ናይ ኤሊም መራሕቲ ጉጅለ ክትዛረቡ ትኽእሉ ኢኹም።

• ብኢመይል ናብ info@elimhousing.co.uk ብምልኣኽ

• ናብ ሬቸል ፒንቺን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ብምልኣኽ ደብዳበ ብምልኣኽ፡ Rachel Pinchin, Deputy Chief Executive, Elim Housing, Units 3 & 4, Briarlands Office Park, Rudgeway, BS35 3QH

**ብኣካል ወይ ብኦንላይን ኣኼባታት**

ኣብ ሓደ ካብቶም ናይ ኦንላይን ብኢንተርነት ወይ ብኣካል ዝግበሩ ኣኼባታት ክትሳተፉ እውን ትኽእሉ ኢኹም። ኣብኡ፡ ብዛዕባ እቲ ምውህሃድ ካብ መሪሕነት ኤሊም ክትሰምዑን ርእይቶ ክትህቡ ወይ ሕቶታት ክትሓቱን ዕድል ክህልወኩም እዩ።

| **ዕለት** | **ግዜ** | **ቦታ / ዝርዝር ሓበሬታ** |
|---|---|---|
| ሰሉስ 9 ሰነ 2026 | 6ድ.ቀ – 7ድ.ቀ<br>ብመስመር ኢንተርነት | ናይ ኢንተርነት ርክብ (ዝርዝራቱ ኣብ መርበብ ሓበሬታና ኣሎ www.elimhousing.co.uk ) |
| ሓሙስ 11 ሰነ 2026 | 12ድ.ቀ - 2.00 ድ.ቀ<br>ብኣካል ኣብቲ ቦታ<br>ብምምጻእ | **በርሚንግሃም**<br>ጆን ስሚዝ ሃውስ, 62 ፓሬድ፣ በርሚንግሃም B1 3QQ<br><br>**Birmingham**<br>John Smyth House, 62 Parade, Birmingham B1 3QQ |
| ዓርቢ 12 ሰነ 2026 | 10:30ቅ.ቀ – 1ድ.ቀ<br>ብኣካል ብዘይቆጸራ<br>ብምምጻእ ዝግበር ርክብ | **ሳውዝ ግላስተርሸር**<br>ናይ ኤሊም ቀንዲ ቤት ጽሕፈት፣ ብርያርላንድስ ኦፊስ ፓርክ፣ ሩጅወይ፣ BS35 3QH<br><br>**South Gloucestershire**<br>Elim Head Office, Briarlands Office Park, Rudgeway, BS35 3QH |
| ሰሉስ 16 ሰነ 2026 | 12ድ.ቀ - 2.00ድ.ቀ<br>ብኣካል ብዘይቆጸራ<br>ብምምጻእ ዝግበር ርክብ | **ብሪስቶል**<br>ሃሚልተን ሃውስ፣ 80 ስቶክስ ክሮፍት፣ ብሪስቶልስ፣ BS1 3QY<br><br>**Bristol**<br>Hamilton House, 80 Stokes Croft, Bristol, BS1 3QY |
| ሓሙስ 18 ሰነ 2026 | 12:30ድ.ቀ – 2:30ድ.ቀ<br>ብኣካል ብዘይቆጸራ<br>ብምምጻእ ዝግበር ርክብ | **ግላውሰስተር**<br>ክጀሊ ኮሚኒቲ ሰንተር፣ ክጅሊ፣ ግሎስተር GL2 4PJ.<br><br>**Gloucester**<br>Quedgeley Community Centre, Quedgeley, Gloucester GL2 4PJ. |

| | | |
|---|---|---|
| ሰኑይ 22 ሰነ 2026 | 6ድ.ቀ – 7ድ.ቀ<br>ብናይ ኢንተርነት ርክብ | ናይ ኢንተርነት ርክብ ((ዝርዝራቱ ኣብ መርበብ ሓበሬታና ኣሎ www.elimhousing.co.uk ) |

ኣብ ናይ ኤሊም ተወሳኺ ደገፍ ዝግብረሉ መንበሪ ኣባይቲ መደብ ትነብሩ እንተድኣ ኾንኩም ከም ኣካል ናይቲ ንገብሮ ርክብ ሰራሕተኛታት ናይ ኤሊም ነቲ ንድፊ ምትሕልላፍ ዝምልከት ርእይቶኹም ንክትህቡ ዕድል ክህቡኹም እዮም።

ኣብ ናይ ኤሊም ጂፕሲ ኤንድ ትራቨለር ሳይትስ(ግዝያዊ/ተንቃሳቓሲ መንበሪ ኣባይቲ) ትነብሩ እንተድኣ ኾንኩም ናይ መንበሪ ኣባይቲ ሓለፍቲ ኣብ ወርሒ ሰነ ኣብቲ ቦታ ምብጻሕ ክፍጽሙ ከለዉ ርእይቶሉም ክሓቱ እዮም።

ኣብ ናይ ጀነራል ኒድስ ሃውሲንግ(ደገፍ ዘይግበረሉ መንበሪ ኣባይቲ) ትነብሩ እንተድኣ ኾንኩም ከም ኣካል ናይ ፕሮጅርክት ምብጻሕ ኣብ ነብስወከፍ ማዕጾ ናይ ኣባይቲ፣ ሓለፍቲ ምብጻሕ ይፍጽሙ ኣለዉ። ኣብዚ ምብጻሕ ናብ ኣባይቲ ክግበር ከሎዉን ርእይቶኹም ክትህቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ውጽኢት ምኽክር

ድሕሪ ምውዳእ ናይቲ ምኽክር ኣብ 3 ሓምለ 2026፡ ጽሟቕ ርእይቶታት ናይ ዓማዊል ብ ቦርድ ናይ ኤሊም ክምርመር እዩ። ድሕሪ ፣ምዕጻው ናይቲ ምምኽኻር ድማ መልሲ ንተደጋጋሚ ሕቶታት ኣብ ዌብሳይትና ክንዝርግሕ ኢና።

ቦርድ ብዛዕባ ምቕጻል እቲ ምትሕልላፍ ጽምዶ ኣብ መወዳእታ ውሰነ ክበጽሕ ከሎ፡ ርእይቶኹም ኣብ ግምት ከእቱ እዩ።

ቦርድ፣ ርእይቶ ምምኽኻር ድሕሪ ምርመራን ውሳነ ድሕሪ ምውሳድን፡ ውጽኢት ንምፍላጥ ኣብ ነሓሰ 2026 ደብዳበ ክንጽሕፈልኩምን ኣብ ዌብሳይትና ክንዝርግሕን ኢና።

## የቐንየልና

እዛ ደብዳበ ንምንባብ ግዜኹም ስለ ዝሃብኩም ነመስግን። እቲ ዝተመደበ ጽምዶ ምትሕልላፍ ንብረት ኣገዳሲ ለውጢ እዩ፣ ኣነ ድማ ንኹሎም ዓማዊል ኤሊም ኣብ መጻኢ ረብሓታት ከም ዘምጽኣሎም በዓል ተስፋ/ርግጸኛ እየ።

ኣብዞም ዝቕጽሉ ኣዋርሕ ሓገዝ እንተ ደሊኹም፣ ወይ እቲ ጽምዶ ምትሕልላፍ ንብረት ኣብ ልዕሌኹም ወይ ስድራቤትኩም ዘምጽኦ ተጽዕኖ ዘሻቕለኩም እንተሃልዩ፣ ክትነግሩና ብትሕትና ንሓተኩም። ኣብቲ ዝተመደበ ናይ ለውጢ ግዜ ናዓኹም ንምሕጋዝ ምስ ፒኤፍፒ ክንሰርሕ ኢና።

ብዛዕባ ዘለኩም ሕቶታት ወይ ሻቕሎታት ነዚ ሕጋዊ መስርሕ ምምኽኻር ክትጥቀሙሉ ተስፋ እገብር፣ ኣብዘን ዝቕጽላ ሽዱሽተ ሰሙናት ድማ ርእይቶኹም ንምቕባል እጽበ።

ዘኽብረኩም

ፖል ስሚዝ

ላዕለዋይ ፈጻሚ ናይ ትካል ኣባይቲ ኤሊም